# መደብ 4ይ ጽፍሒ ሕጂ ኣይክስትግበርን ኢዩ

**ኣብ ኖርወይ ይኹን ብኣህጉራዊ ደረጃ ዓይነት ቫይረስ ደልታ ፈጢርዎ ብዘሎ ዘይተኣማምን ኩነታትን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ብምግናኑን መንግስቲ ኖርወይ ንውጥን 4ይ ጽፍሒ ዳግመ-ክፍታ ሕጂ ንከየስተግብሮ ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ። ን4ይ ጽፍሒ ክንሰጋገር ንኽእል ዲና ኣይንኽእልን ከም ብሓድሽ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ ክንግምግሞ ኢና።**

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን መንግስቲ ን4ይ ጽፍሒ ንክልተ ቅነ ንከመሓላልፎ ክሓስበሉ ብዝብል ምኽሮም ለጊሶም ኣለው።

- ለበዳ ጌና ኣየብቅዐን ኢዩ ዘሎ። ብሰንኪ ዓይነት ቫይረስ ደልታ ምዕባለታት ዝተፈላለያ ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ወላ እተን ዝበዝሐ ክፋል ህዝበን እውን ካብ ኖርወይ ንላዕሊ ኣኸቲበን ዘለዋ ሃገራት ይኹና ምዕባሌታተን ኣሰካፊ ኢዩ ዘሎ፡ ከም ንኣብነት ዓባይ ብሪጣንያን ሆላንድን ከም ንመረዳኣታ ክጥቀሳ ይከኣላ። ዓይነት ቫይረስ ደልታ ኣብ ኖርወይ ምስፍሕፋሕ ለብዕኡ ይኹን ዘኸትሎ ሕማማት ሳዕቤኑ ከመይ ክኾውን ይኽእል ንዝብል ዘየተኣማምን ኢዩ ኲዩኑ ዘሎ። ስለዚ ድማ መንግስቲ ብወገኑ ንዝተለገሰሉ ምኽርታት ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ብምኽታል ንውጥን ዳግመ-ክፍታ 4ይ ጽፍሒ ሕጂ ንከየስተግብሮ መሪጹ ኣሎ ይብል ምኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ዓይነት ቫይረስ ደልታ ኣብ ኖርወይ ኣብዚ ዘለናዮ ወቕቲ ክረምቲ ዓብላሊ ኲይኑ ኢዩ ጸኒሑ፡ በዚ ዓይነት ቫይረስ እዚ እናተለበው ዝመጽኡ ዘለው ኽኣ እናወሰኹ እዮም ዝመጽኡ ዘለው። ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ውጥን ዳግመ-ክፍታ ክመሓላለፍ ይግባእ ኢሎም ምኽሮም ኣብ ዝለገሱሉ ኣውራ ኣብ ናይዘን ዝሓለፋ መወዳእታ ምዓልታት ዝተራእየ ምዕባለታት ብምምልካት ኢዮም ኣብ ምልሶት ዝተዋህቦም ዕማሞም ኣቕሪቦሞ ዘለው።

## ንቡር ዕለታዊ ምህሮ

ኣብ መላእ እዋን እዚ ለበዳ መንግስቲ ንህጻናትን መንእሰያትን ኢዩ ብቐዳምነት ክሰርሖም ጸኒሑ ዘሎ። መታን ሕጂ ትምህርቲ ኣብ ዝኽፈተሉ እዋን ብደረጃ ሓምላይ ንክኽፉፍታ ኩነታተን ንክጣጣሓለን ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ምክፍፋተን ንምጥጣሕ ኩነታት ለብዒ ብግቡእ ንክንቈጻጸሮ ክሓተና ኢዩ።

- ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ተመሃሮ ንትምህርቶም ኣብ ዝምለስሉ እዋን ንቡር ዕለታዊ ምህሮ ንክህልዎም ዝከኣለና ክንገብር ኣለና። ዳግመ-ክፍታ ምስ እንቕጽል ኣብዚ እዋን እዚ ብዙሓት ቤት ትምህርቲታት ኣብ ደረጃ ሕብሪ ብጫ ወይ ቀይሕ ብምእታው ኢየን ክኽፋፍታ ዝግደዳ፡ ህጻናትን መንእሰያትን ከኣ ተወጻዕቲ ከይኰኑ ኣይተርፉን ኢዮም ይብል ሀየይ።

ይኹን ድኣ እምበር ኣብ ለብዒ ዝገነነን ቦታታት ዝርከባ ኣጸደ-ህጻናት ይኹና ቤት ትምህርቲታትን መዋዕለ-ህጻናትን ኣብ ደረጃ ብጫ ንክኣትዋ ክወጣጥና ይግብኣን። ኣውራ ድማ ኣጸደ-ህጻናትን መዋእለ-ህጻናትን ኣብ ወርሒ ነሓሰ ቀቅድሚ ቤት ትምህርቲ ኣቐዲመን ይኽፍታ ብምዃነን ኣብ ደረጃ ብጫ ንክኣትዋ ክወጣጥና ይግብኣን።

## ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ካብ ለብዓዊ ውሽባ ይገላገሉ፡

ስትራተጂ መርመራ፡ ግለላን፡ ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ውሽባን ገለ ገለ ካብቶም ኣብ ኖርወይ ንለበዳ ኮቪድ-19 ንምቁጽጻር ክንጥቀመሎም ዝጸናሕና ኣገደስቲ መሳርሒታት ስጉምቲታት ኢዮም። እዞም ስጉምቲታት እዚኣቶም ንብዙሓት ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ክትንክፉ ዝጸንሑ ኢዮም፡ ማለት ንውልቀሰብ፡ ንንኡስ ዞባ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ኣጸደ-ህጻናት ይኹን ንስራሕ ዓለምና። ስለዚ ድማ እዞም ስጉምቲታት እዚኣቶም ምስ ዘሎ ኩነታት ለብዒ ንክዛናነቑ ምስትኽኻሎም ኣገዳሲ ይኾውን።

ብመሰረት ናይ ሕጂ ዘሎ ሕጊ ዘይብዩናን መቃርብቲ ልቡዓን ድሕሪ ምልባዖም ን10 ምዓልታት ንክውሸቡ ኢዮም ዝግደዱ። ካብ ሕጂ ንነው ግና፡ ውሸባ ምዓልታቶም ድሕሪ መርመራ- PCR ምውሳዶም ን7 ክወርድ ይኽእል።

ካብ ዕለት 16 ነሓሰ ንነው ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ካብ ግዴታዊ ውሸባ-ለብዒ ሕድገት ይወሃቦም ኣሎ፡ ኣብ ሓደ ቤት መናብርቶም ንዝኾኑ ከምኒ ኣፍቀርቶም ዝኣመሰሉ ዝልብዑ መቃርብቶም ግና፡ እዚ ሕድገት ኣይምልከቶምን ኢዩ። እዚ ሕድገት እዚ ክፍቀድ እንተኾይኑ ምስቲ ናይቲ ዘለኻዮ ንኡስ ዞባ ዘሎ ቅጥዕታት ዝቃደው ምስ ዝኾውን ጥራሕ ኢዩ። ንኡሳን ዞባታት ክኽተልኦ ዝኽእላ መምርሒታት ስርዓተ-መርመራታት ብሃገራዊ ደረጃ ተሰሪሑ ከዳሎ ኢዩ። ስርዓተ-መርመራታት ብግብሪ ዘይኽተል ልቡዕ ሰብ ክውሸብ ግዴታኡ ይኾውን።

- ቤት ትምህርቲታት ኣብ ሓምላይ ደረጃ ኣብ ዝኣትዋሉ እዋን ብዙሓት ህጻናትን መንሰያትን ካብ ውሸባን ብዝሒ ብኩራት ትምህርትን ከነገላግሎም ክንክእል ኣለና። ኣብ ሓምላይ ደረጃ ምክፍፋል ኣሃዱታት ምድባት ኮሮና ክህሉ ስለ ዘይኩን፡ ካብ ነፍሰ ወከፍ ለብዒ ብኩራትን ዕንቅፋት ዋኒን ትምህርትን ዘስዕብ ንምድሓን ንኩሎም ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ሕጻናትን መንእሰያትን ካብ ግዴታዊ ውሸባ ከነገላግሎም ኣድላዪ ኢዩ ይብል ምኒስተር ሆየ።

ንልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ሰባት ዝምልከት ግዴታዊ ለብዒ-ውሸባ ከምዚ ሕጂ ዘለዎ ይቕጽል፡ ዝምልከተን ንኡሳን ዞባታት ግና ሕድገት ንክውህባን ንውሸባ ብመርመራ ንክትክእኦን ዕድል ይወሃበን። ንልዕሊ 18 ዝዕድሚኦምን ዘይብዩናት ንዝኾኑን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ካብ ለብዒ-ውሸባ ሕድገት ንክወሃቦም ብዝብል ብወገነን ብፍሉይ ክግምገምኦ ይግባእ።

## ንኡስ ምስትኽኻላት 3ይ ጽፍሒ

ን3ይ ጽፍሒ ገለ ንእስ ንእስ ዝበሉ ምስትኽኻላት ይግበረሉ ኣሎ። እዞም ለውጥታት እዚኣቶም ካብ ንሰኑይ ዕለት 2 ነሓሰ ዘውግሕ ንነው ኣትሒዞም ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።

- ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ እዋን ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ስፖርታውን ውድድራውን እንግዶታት ከምኒ ግጥማት ዝኣመሰሉ ኣበየ ዞባታትን ክልላትን ብምስግጋር ክሳተፉ ይፍቀዶም ኢዩ ዘሎ። ብተመሳሳሊ ንዓበይቲ እውን ካብ ሎሚ ንነው ይፍቀዶም ኢዩ።
- ንሰራሕተኛታቶም ይኹኑ ንኣባላቶም መፈለሚ ምትእኽኻባዊ እንግዶታት ከዳልው ንዝደለዩ ትካላትን ውድባትን ንውልቃዊ ሕግታት እንግዶታት ክኽተላ ይግደዳ። ካብቲ ንሞያዊ ዋዕላታት ኣስተምህሮ ዝምልከት ሕግታት ብዝሒ ተሳተፍቲ ትርር ዝበለ ኰይኑ ብዝሒ ተሳተፍቲ ይደራረት ኢዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ እንግዶታት ድማ ከም ወግዓውያን እንግዶታት ተባሂሎም ይቕጻሩ። ዘገዳማዊ ኣኣንጋዲ ኣካል ንክዳልዎ ድማ ሓደ ካብቲ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኩነታት ኢዩ።
- ምስ ወለዶም ንኖርወይ ንዝኣትዉ ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ ቈልዑ ወኽኣ ወለዶም ወረቐት ምስክር ኮሮና ምስ ዘይህልዎም ብኻልእ ምኽንያታት ንኖርወይ ንክኣትው ሕድገት ንዘወሃቦም፡ መገሻዊ ውሸባ ነቶም ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ ቈልዑ ኣይምልከቶምን። ቅድሚ ሕጂ ንኖርወይ ንምእታው ወለዶም ወረቐት ምስክር ኮሮና ንዘቕረቡ ካብ መገሻዊ ውሸባ ሕድገት ይወሃቦም ኔሩ ኢዩ፡ እዚ ከምቲ ዘለዎ ይቕጽል።
- ካብ ሓምሎት ሃገራት ብምምጽኦም ክንሶም ክውሸቡ ዝግደዱ ተሳፈርቲ ሒዛ ንዝመጸት መርከብ፡ ኣብ ጒዕዞኣ ሓደስቲ ከይተማልአት እውን ክነሳ ብምምጽኣ፡ ብመሰረቲ ሕግታት መምርሒ ኮቪድ-19 ኣብ ሓምሎት ከባቢታት ንሓጺር እዋን ብምንባራ ከም ህዝባዊት መጒዓዝያ ተቘጺራ ሕድገት ኣይወሃባን ኢዩ።

## 4ይ ጽፍሒ ሕጂ ኣይክስተኻኸልን ኢዩ

መንግስቲ ን4ይ ጽፍሒ ሕጂ ንከስተግብሮ ወላ ኣይምረጽ ድኣ እምበር ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ውሳኔታት ገለ ገለ ንኣሽቱ ምስትኽኻላት ጌርሉ ኣሎ። ወላ ሕጂ ኣይነታኣታትዎም ድኣ እምበር፡ በቶም ዝተኣታትው ለውጥታት ዝትንከፉ ሰባት ፈሊጦም ንክጸንሑ እንታይ ይጽበዮም ከም ዘሎን ከረድኡ ይኽእሉ።

ንዘገምታዊ ዳግመ-ክፍታ መንግስቲ ዝምልከቱ ንኡሳን ምስትኽኻላት 4ይ ጽፍሒ ከምዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፡

- ኣብ ብሕታውያን እንግዶታት ክሳብ 500 ሰባት ክእከቡ ይኽእሉ።
- ብወረቐት ምስክር ኮሮና ክሳብ 500 ሰባት ንምእንጋድ ዝሕተት ጠለብ ከይተቐየረ ኣብ ቦታኡ ይህሉ።
- ኣብ 4ይ ጽፍሒ ዝምልከቱ ንጥፈታት መዓስከራትን ካልኦት ንጥፈታት ትርፊ ግዜን ዘሳትፉን ንብዙሓት ምዓልታት ዝካየዱ መደባትን ካብ 300 ናብ 500 ተሳተፍቲ ንክውሰኹ ነፍቅድ። በዚ ኣጋጣሚ ዕብየታት ጉጅለታት ካብ 40 ናብ 50 ክብ ንክብል እውን ምኽርና ንልግስ።
- ዩኒቬሪሲታት፡ ኮለጃትን ሞያውያን ቤት ትምህርታትን ተማሃሮኦን ብኣካል ተረኪቦም ክምሃሩ ይኽእሉ ኢዮም፡ ኣብ ሰዓታት ምህሮታተን ርሕቀት ናይ ምሕላው ዝብል ቅድመ-ኩነት ይሕደገለን።

ኣብ 4ይ ጽፍሒ ንዝካየዱ እንግዶታት እዞም ዝስዕቡ ለውጥታት ንክተኣታተው ተወሲኖም ኣለው፡

- ኣልኮላዊ መስተ ዝሳሰየሉ እንግዶት ሰዓት 24.00 ምቕባል ኣጋይሽ ደው ንክብሉ ዝብል ዝነበረ ቅጥዒ ይለዓል።
- ምስሳይ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ጣውላ ንክሳሰ ዝብል ቅድመ-ኩነት ይልዓል። ኣብ ክንድኡ ኣልኮላዊ መስተ ክሳሰ እንተኾይኑ ንብምልኡም ዝምልከቶም ኣጋይሽ ኲፍ መበሊ ንክህልዎም ከም ቅድመ-ኩነት ይቐርብ፡ ንወረቐት ምስክር ኮሮና ዝጥቀሙ እንግዶታት ግና ኣይምልከትን።
- ንወረቐት ምስክር ኮሮና ዝጥቀሙ እንግዶታት ርሕቀት ናይ ምሕላው ዝብል ቅድመ-ኩነት ይለዓል።
- ኣብ ባህላዊ እንግዶታት ኣብ መንጐ ዘይፕሮፌሽናላውያን ተዋሳእቲ ናይ 1 ሜትሮ ርሕቀት ናይ ምሕላው ዝብል ቅድመ-ኩነት ይልዓል።
- ብሓንሳብ ንዝመጹ ብዩናት ተሳተፍቲ እንግዶት ኣብ ቈፃምቲ መናብር ተቐራሪቦም ኲፍ ክብሉ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል ከም ሕጋዊ መምርሒ ይጸድቕ።
- ኣንፈት ብዘየገድስ ኣብ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ክሕለወሉ ዘይከኣል ወኸኣ ቈወምቲ መናብር ዘለዎን ኣዳራሽ ኰይኑ ካብ ፍርቂ ዓቕሚ ኣዳራሽ ንላዕሊ ምእካብ/ምምላእ ኣይፍቀድን ዝብል ዝነበረ ክልከላ ይለዓል።
- ኣብ መንጐ ተሳተፍቲ ርሕቀት ንምሕላው ኣኣንጋዲ ንከታኣታትዎም ዘለዎ ስጒምቲታት ዝብሉ ቅድመ-ኩነታት ኣብ ዘይቈፃምትን ዘይተመልከተሎምን መናብር ንዘለዎም ወግዓውያን/ህዝባውያን እንግዶታት እውን ዝምልከቱ ኢዮም።